# ዓብዪ ናይ ተቓውሞ ምርኢት ኣብ ስቶክሆልም

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**17.04.2009**

ሎሚ ዕለት 16 ሚያዝያ 2009 ካብ ሰዓት $6^{00}$ ምሸት ክሳብ ሰዓት $8^{30}$ ዓበይቲ ናይ ክብሪ ሰብኣዊ መሰል ዝጣበቑ ኣካላትን ማሕበራትን ውልቀ-ሰባትን ኣብ'ቲ ናይ ተቓውሞ ምርኢት (Manifestation) ተሳቲፎም። እዚ ምርኢት'ዚ፡ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሽዱሽተ ሚእቲ ዝኾኑ ንክብሪ ሰብኣዊ መሰል፡ ሕግን ስርዓተ ዲሞክራሲያን ዝጣበቑ ሰባት ኢዮም ተሳቲፎሞ። ከምኡ ውን፡ ናይ ሽወደን ኖብል ሽልማት ኮሚቴ ኣቦ መንበር፡ ኣሰናዳእትን ሓለፍትን፡ ኣሰናዳእትን ጋዜጣታት፡ መጽሔታት፡ ሰኣልቲ፡ ኣባላት ባይቶ ሽወደን፡ ናይ እሱራት ጋዜጠኛታት ማሕበር ኣቦ መንበር፡ ናይ ደረስቲ ማሕበር ኣቦ መንበር፡ ገደብ ኣልቦ ጋዜጠኛታት ማሕበር፡ ከምኡ ውን፡ ኤርትራዊ ጋዜጠኛ ስምረት ስዩማ ቃል ዘስምዕዎ ቃል ነቲ ምሸት ፍሉይ ድምቀት ሂብዎ ኣምስዩ።

ብወገን ኤርትራውያን ውን፡ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ተቃወምቲ ሓይልታትን፡ ሲቪላውያን ማሕበራትን ውልቀ ሰባትን ግዱሳት ኤርትራውያን ተረኺቦም ነይሮም። ኣብ'ቲ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ከኣ ኣብኡ ምስ ዝተሳተፉ ዝተፈላልዩ ሞያውያን ጋዜጠኛታት ሽወደን፡ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምልካዊ ምሕደራ ክዛራረብሉ ዕድል ስለዝረኸቡ፡ ናይ ህዝብና ወጽዓ ክገልጹን ክመያየጡን ይረኣዩ ነበሩ።

ኣብ'ቲ ንሓደ ሰዓትን ፈረቓን ዝተኻየደ “ሓንቲ ቃል ንዳዊት” ዝብል መደብ፡ ብርክት ዝበለ ቊጽሪ ዘለዎ ዕዱማት ነናይ ሓደ ደቂቕ መደበረ ኣስሚዖም። ኣብ'ዚ ንተመኩሮታት ግህሰት ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ዝተፈላለዩ ኲርንዓት ናይ ዓለም ዝገልጽ ናይ ሓንቲ ደቂቕ ቃል መደረታት፡ ብተጣበቕቲ ክብርን መሰልን ደቂ ሰባት ዝኾኑ ዝቐረበ መሃሪ ኣስተምህሮታት ኣዝዩ ኣገዳስን መሳጥን ነበረ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሓደ ሰዓት ዝወሰደ፡ ብፍሉይ ነቲ ምሸት ዘንጸባርቕ፡ ድራማ ቀሪቡ። ኣብ'ቲ ዝቀረበ ድራማ ከኣ ምሉኡ ንድሕረ ባይታ ታሪኽ ሰንሰለታዊ መግዛእቲ፡ ንምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ቀንዲ ትሕዝትኡ ዝገበረ ጉዳይ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ኮይኑ ቀሪቡ። ኣብ'ዚ ድራም'ዚ ብዝያዳ ስሓቢ ኮይኑ ዝተረኽበ ከኣ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ምስ ፊነወ ተለቪዥን ኣልጀዚራ ዝገበሮ ቃል መሓትት በቶም ተዋሳእቲ ከይተከዮን ከይተወሰኸን ምቕራቡ ነበረ።

እቲ ምርኢት፡ ብኣዝዩ መሳጢ ዝኾነ ናይ ሰላም ድሌት፡ ሰላም ብሰላም ንነጻነት ደቂ ሰባት ዝብል ቴማ ብዓወት ተዛዚሙ። እዚ ናይ ክልተ ሰዓት ሰነድ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ብተንቀሳቓሲ ስእሊ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክዝርጋሕ'ዩ።